# SMITTSKYDDSBLAD

Patientinformation

Hepatit B

Översättning till tigrinja

Version 2022-03-15

## ወይቦ-ቢ(ሄፓቲት-ቢ)፣ ንዝሓመሙ ዝምልከት ሓበሬታን ክኽተልዎም ዘለዎም ኣከዋውና ደንብታትን

### ብሓኻይም ምክልኻል ለብዒ ዝተዳለወት ብዛዕባ ምክልኻል ለብዒ ትገልጽ ተበታኒት-ጽሕፍቲ

### እዚ ሓበሬታ ዝወሃበካ ዘሎ ስለምንታይ እዩ?

ወይቦ-ቢ ከም ዘለካ ናይ ደም ምርመራ ስለ ዘመልከት። እዛ ተበታኒት-ጽሕፍቲ ወይቦ-ቢ ብዝምልከትን እዚ ወይቦ-ቢ ምስ ዝህልወካ እንታይ ክትሓስብ ከም ዘለካን ዝብል ሓበሬታ ሓቍፋ ትርከብ።

### ወይቦ-ቢ እንታይ እዩ?

ወይቦ-ቢ ኣብ ጸላም ከብዲኣብ ደምን ኣብ ገሊኦም ፈሰስቲ ኣካላትን(ንኣ. ዘርኢ ወዲተባዕታይ) ዝርከብ ቫይረስ እዩ።ገሊኦም ከይፈለጡ ከለዉ ንነዊሕ እዋን ብወይቦ-ቢ ተለኺፎም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። ወይቦ-ቢ ወላ'ኳ ምልክት-ሕማም እንተ ዘየርኣየኣዝዩ ተላባዒ ግን ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ረኽሲ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ኣብ ጸላም ከብዲ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል።

### ወይቦ-ቢ ከመይ ገይሩ ይመሓላለፍ?

ወይቦ-ቢ ዘለዎም ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ኣብ 2019 ኣብ ዓለም ኣስታት 300 ሚልዮን ሰባት ብወይቦ-ቢ ከም ዝተለኽፉ ኣሃዛት ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር።መብዛሕተኦም ሰባት በዚ ለብዒ ዝልከፉ ክውለዱ ከለዉ ካብ ኣዲኦም እዩ።
ብዘይ ኮንዶም ወሲባዊ ርክብ ምስ ዝካየድ ወይቦ-ቢ ክለኽፈካ ይኽእል። ብዘይ መከላኸሊ ዝካየድ ወሲባዊ ርክብ ርሕማዊ ይኹን መሃንቱሳዊ ሳሕቲ ድማ ኣፋዊ ወሲብ፡ቫይረስ ወይቦ-ቢ ከመሐላልፍ ይኽእል እዩ። ወይቦ-ቢ ብደም ኣቢሉ እዉን ይመሓላለፍ እዩ እንተደኣ እቲ ቫይረስ ወይቦ-ቢ ዘለዎ ደም ምስ ደምካ ምስ ልፋጫዊ መምብራና ኣካላትካ - ንኣብነት ዓይንኻን ኣፍንጫኻን ኣፍካን - ወይ'ውን ምስ ክፉት ቊስልኻ ተራኺቡ። ሓደ ድራግ ዝወስድ ሰብ ስሪንጋ ወይ መሐወሲ ኩባያን ካልኦት ናውትታት ድራግ ምስ ካልኦት ሰባት ምስ ዝካፈልወይቦ-ቢ ከመሓላልፍ እዉን ይኽእል እዩ።ወይቦ-ቢ ምስ መሓዙትካ ኣብ ትገብሮም ማሕበራዊ ርክባት ኣቢሉ ንኣብነት ብምትሕቛቓፍብምስዕዓም ወይ ብኬሪ/ብያቲ/ማንካ ብምክፋል ኣይመሓላለፍን እዩ። ደም ኣብ ልዕሊ ክፉት ዘይብሉ ወይ ቑስሊ ዘይብሉ ቆርበት ምስ ዝፈስስ ወይ ሓደ ዓይነት ምድረቤት ምስ ትጥቀም ወይቦ-ቢ ኣይመሓላለፍን እዩ።

### ካልኦት ሰባት ንኸይለክፍ እንታይን እንታይን ክሓስብ ኣለኒ?

እቲ ሓኪምካ ዝህበካ ግድን **ክሰዓቡ ዘለዎም ኣከዋውና ደንብታት** ክትከታተሎም ይግበኣካ፡-

- ኣብ ሕክምና ዳግም ዑደት ክትገብር ሓኪምካ ምስ ዝጽወዓካ ግድን ክትኸይድ ኣለካ።
- ወሲባዊ ርክብ ምስ ትገብረሉ ወይቦ-ቢ ከም ዘለካ ግድን ክትሕብር ኣለካ።
- መጻምድትኻ ናይ ወይቦ-ቢ ብዩንነት(ኢሙኒቲ) እንተ ዘይብሉ - ማለት ቅድሚ ሕጂ ወይቦ-ቢ እንተ ነይርዎ ወይ ክታበት ወይቦ-ቢ እንተ ዘይወሲዱ፡ኣብ ወሲባዊ ርክብ መከላኸሊ/ኮንዶም ግድን ክትጥቀም ኣለካ።
- ኣብ እንዳ ሓኪም ስኒ ወይ ኣብ ክንክን-ጥዕና ኣብ ትኸደሉ እዋን ኣባላት ክንክን-ጥዕና ንኣብነት መርመራ ክወስዱልካ ከለዉ ወይ ኦፐረሽን ወይ ካልእ ከካይዱልካ ከለዉ ምስ ደምካ ናይ ምርኻብ ስግኣት ክህሉ ስለ ዝኽእል "ተላባዒ ደም" ኣለኒ ኢልካ ግድን ክትሕብር ኣለካ።
- ክትውቀጥ፡ክትውጋእ፡ክትሱቀር ወይ ካልእ ኣብ ልዕሊ ቆርበትካ መድመይቲ ዘኸትል ክንክን ኣብ ትገብረሉ፡"ተላባዒ ደም" ኣለኒ ኢልካ ግድን ክትሕብር ኣለካ።
- መላጸይኻ ወይ መመወጺኻ ምስ ካልእ ሰብ ኣይትማቐል።
- ሓደ ሰብ ደምካ ከም ገለ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ቊስሉ፡ዓይኑ፡ኣፍንጫኡ ወይ መኻፍት ኣፉ እንተ ረኺብዎ ወይ ነጢብዎ፡ወይቦ-ቢ ከም ዘለካ ግድን ክትሕብሮ ኣለካ። ብቕጽበት ማይ ገይር ክጽርዮ ከም ዘለዎ ድማ ትመኽሮ። ብነጻ ክታበት ጸረ ወይቦ-ቢ ንኽረክብ ብቑልጡፍ ንክንክን-ጥዕና፡ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ ናይ ረኽሲ ክሊኒክ ወይ ማዕከን ሓበሬታ ጥዕና 1177 ክውክስ ኣለዎ።
- ትጥቀመሉ ስሪንጋ ወይ መርፍእ እንተለካ ምስ ካልእ ሰብ ኣይትማቐሎ።መሐወሲ ኩባያን ካልእ ናውትታት እዉን ምስ ካልኦት ሰባት ኣይትካፈል።
- ደምን ዘርኢ ወዲተባዕታይ ወይ እንቋቝሖ ዃለንስተይቲ ምልጋስ ኣይፍቀድን እዩ።
- ምስግጋር ብልዒት(ኦርጋን) ወይ ኣካሊት(ቲሹ) ኣብ ፍሉይ ኩነታት ጥራሕ ይፍቀድ።
- ጸረ ወይቦ-ቢ ክታበት ዘድልዮ መጻምድቲ ወይ ኣባል ስድራቤት ምስ ዝህልወካ ነቲ ሓኪምካ ሓብሮ።

ካልኦት ሰባት ንኸይትለክፍ ትስዕቦ ጠቓሚ ዝኾነ **ሓለዋ ጽሬት ዝምልከት ለበዋ** እዉን ኣሎ'ዩ፡-

- ቑስሊ ኣብ ዘለካ ቦታ ኩሉ ቒሮቶ/መጀነኒ ፋሻ ተጠቀም።
- ቊስልኻ ዝከናኸነካ ሰብ እንተሎ፡መከላኸሊ ፕላስቲክ ጓንቲ ክጥቀም ኣለዎ።
- ደምካ ዝተንከፈ ወይ ዘርከሶ ማተርያል እንተሎ ቅድሚ ምጕሓፍካ ብደንቢ ዓሽጎ።
- ልብስኻ ብደም ምስ ዝጽየቐ ብመሕጸቢ ክዳን ማሺን ገይርካ ሕጸቦ።
- ጽያቐ ደም ወይ ነጠብጣብ ደም ንኣብነት ኣብ ባይታ ምስ ዘጋጥም ንኣብነት ብዝድርበ ወረቐት ገይርካ ተጽርዮ። ድሕሪኡ ነቲ ዘጽረኻዮ ብማይን ብመጽረዪ ፈሳስን ገይርካ ብደንቢ ተጽርዮ።

**ምስ መጻምድተይ ወሲባዊ ርክብ ቅድሚ ምግባረይ ክሓስበሎም ዘለኒ ነገራት እንታይ እዮም?**
ወይቦ-ቢ ከም ዘለካ ንመጻምድትኻ ግድን ክትሕብር ኣለካ።መጻምድትኻ ናይ ወይቦ-ቢ ብዩንነት እንተ ዘይብሉ (ቅድሚ ሕጂ ወይቦ-ቢ እንተ ነይርዎ ወይ ክታበት ወይቦ-ቢ እንተ ዘይወሲዱ) ወሲባዊ ርክብ ኣብ ትገብረሉ መከላኸሊ/ኮንዶም ግድን ክትጥቀም ኣለካ። ቅድሚ ወሲባዊ ርክብ ምግባርኩም መጻምድትኻ ነጻ ክታበት ወይቦ-ቢ ንኽወሃባ ናብ ክንክን-ጥዕና ሒዝካዮ ምስ ትኸይድ ዝበለጸ ነይሩ። ንዘይተኸትበ ሰብ ንሓደጋ ምስ ተቃልዖ ንኣብነት መከላኸሊ ኮንዶም ብዘይምጥቃምካ፡ ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ንምቕናስ እቲ ሰብ ድሕሪ እቲ ሓደጋ ብነጻ ክኽተብ ይኽእል እዩ። እዛ ክታበት ዝበለጸ ውጽኢት ክህልዋ ዝኽእል እቲ ሰብ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ምስ ዝኽተብ እዩ።

**ነቲ መልከፍቲ ንኽከታተለኒ ምስ ሓኪመይ ክንደይ ሳዕ እየ ዝራኸብ?**
ክንደይ ግዜ ዳግማይ ዑደት ከም ዘድልየካ ዝውስን እቲ ሓኪምካ እዩ። መብዛዕቱ ግዜ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት እዩ፡ሓደ ሓደ ግዜ ግን ካብ ዓመት ኣብ ዝሓጸረ ተደጋጋሚ ግዜ ምስ ሓኪምካ ምርኻብ ከድሊ ይኽእል እዩ።

**ወይቦ-ቢ ምህላው ሓደገኛ ድዩ?**
መብዛዕቶም ብወይቦ-ቢ ዝተለኽፉ ሰባት ኣብ ጸላም ከብዶም ምንም ጸገም ኣይገብረሎምን እዩ ንገሊኦም ግን ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት እቲ ረኽሲ ኣብ ጸላም ከብዶም ጸገም ይፈጥረሎም። እቲ ጸገም ኣብ ዝገደደ ደረጃ ምስ ዝበጽሕ ክሳብ ቺሮሲ(ከቢድ ማህሰይቲ ጸላም ከብዲ) ወይ መንሸሮ ጸላም ከብዲ ይፈጥረሎም።
ብስሩዕ ምስ ሓኪምካ ኣብ ትራኸበሉ እዋን እታ ጸላም ከብዲ ከመይ ከም ዘላ እቲ ሓኪም ይከታተላ። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ድማ እቲ ዘድሊ ክንክን ይግበረልካ።

**ወይቦ-ቢ ፈውሲ ኣለዎ ድዩ?**
ኣድላዪ ምስ ዝኸውን እቲ ዝግባእ ክንክን ይወሃብ እዩ። መብዛሕተኦም ክንክን ኣየድልዮምን እዩ። ክንክን ዘድልየካን ዘየድልየካን እቲ ሓኪምካ ባዕሉ ክሕብረካ እዩ።
እቲ ዝወሃብ ክንክን መብዛሕቱ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ኣይፍውስን እዩ ወይ ነቲ ረኽሲ ኣይኣልዮን እዩ። ኣብ ጸላም ከብድኻ ጸገም ንኸይፍጠር ግን ነቲ ሓደጋ ይቕንሶ እዩ።

**ወይቦ-ቢ እንተለኒ ወላዲ ክኸውን እኽእል’ዶ?**
ወይቦ-ቢ ቈልዓ ንኽትወልዲ ወይ ወላዲ ንኽትከውን ጸገም ኣይፈጥርን እዩ። ቈልዓ ቅድሚ ምውላድኩም ግን እቲ መጻምድቲ ካብ መልከፍቲ ወይቦ-ቢ ብዩን(ክሕዞ ዘይክእል) ክኸውን ኣለዎ(ንኣብነት ክታበት ድሕሪ ምውሳድ)።
ወይቦ-ቢ ከለኪ ምስ ትጠንሲ እቲ ወይቦ-ቢ ናብ ቈልዓ ንኸይመሓላለፍ ዝዓግት መንገዲ ኣሎ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ናይ መጨረሽታ እዋን ጥንሲ ክንክን ናይ ወይቦ-ቢ ክወሃበኪ ይኽእል እዩ። እቲ ቈልዓ ድማ ውልድ ምስ በለ ናይ ወይቦ-ቢ ክታበት ይወሃቦ። ድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ እታ ቀዳመይቲ ዓመቱ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት መወሰኽታ ክታበታት ይወሃቦ። በዚ ኣገባብ ሓደጋ መልከፍቲ ቈልዓ ኣዝዩ ይቕንስ። እቲ ዝተመደበሉ ክታበት ምስ ዝወስዶእቲ ቈልዓ ከም ንቡር ጸባ ጡብ ኣዲኡ ክወስድ ይኽእል እዩ።

**ዝኾነ ይኹን ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ ወይ ንጥፈታት ትርፊ ግዜ ከካይድ እኽእል’ዶ?**
ወይቦ-ቢ ዘለዎ መብዛሕቱ ግዜ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል እዩ።ኣብ’ቲ ትሰርሖ ዓይነት ስራሕ ሓደጋ መውጋእቲ ወይ መጥባሕቲ ምስ ዝህልዎ ብሰንኩ ድማ ደምካ ካልእ ሰብ ክረኽቦ ምስ ዝኽእል - በዚ ጉዳይ ምስ ሓኪምካ ክትዛረብ ኣለካ።ገለ ፉሉይ ዓይነት ሞያ ክትወስድ ምስ ትደሊ እዉን ልክዕ ከሙኡ ምስ ሓኪምካ ክትዘራረብ ኣለካ።ወይቦ-ቢ ከም ዘለካ ንኣስራሒኻ ምንጋር ኣየድልየካን እዩ። መድመይቲ ሓደጋ ኣብ ዘለዎ ስፖርት ክትነጥፍ ምስ ትደሊ እዉን - ምስ ሓኪምካ ትማኸር። ደሓን እንተኾይኑ እቲ ሓኪምካ ክሕብረካ እዩ።

**ወይቦ-ቢ ኣብ ሕጊ ምክልኻል ለብዒ ሰፊሩ ኣሎ - እዚ እንታይ እዩ ዘመልክት?**
ዕላማ ሕጊ ምክልኻል ለብዒ ከም ወይቦ-ቢ ዝኣመሰሉ ገሊኦም ረኽስታት ካልኦት ሰባት ንኸይለኽፉ ሓደጋ ንምቕናስ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ።
ወይቦ-ቢ ምስ ዝህልወካ ወይቦ-ቢ ዝምልከት ነጻ ሕክምናን ክንክንን ይፍቀደልካ እዩ።ነቲ ሓኪምካ ዝህበካ ኣከዋውና ደንብታት ግድን ክትስዕቦ ኣለካ። መበገሲ ወይ ምንጪ ናይ’ቲ ለብዒ ንምርካብ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ግድን ክትተሓባበር ኣለካ።
እቲ ዝወሃበካ ክትስዕቦ ዝግበኣካ ኣከዋውና ደንብታት ትኽእል ኣይኮነን ምስ ትብል፡ነቲ ኣብ’ቲ ዞባ ዝርከብ ሓኪም ምክልኻል ለብዒ ተወከሶ።ክሳብ መልሲ ዝህበካ ግን ግድን ነቶም ደንብታት ክትኽተሎም ይግበኣካ።

**ምክትታል ምንጪ ለብዒ – እንታይ ማለት’ዩ?**
ብወይቦ-ቢ ዝተለኽፉ ካልኦት ሰባት ምንዳዮም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያት እዞም ሰባት ጸላም ከብዶም ክትምርመረሎም የድሊ።እቲ ካልኣይ ምኽንያት ድማ እቲ ረኽሲ ናብ ካልኦት ሰባት ንኸይላባዕ ምዕጋቱ የድሊ። ስለ’ዚ እዩ ወይቦ-ቢ ምስ ዝህልወካ ምስ መነመን ወሲባዊ ርክብ ከም ዝገበርካ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ንኻልኦት ሰባት ንለብዒ ምስ ተቃልዖም(ንኣብነት ስሪንጋ ወይ መርፍእ ምስ ትካፈል) እዞም ሰባት መርመራ ወይቦ-ቢ ክገብሩ ከም ዘለዎም መታን ክፈልጡ ንሓኪምካ ክትነግሮ ዘለካ።እቲ ንሓኪምካ ትሕብሮ ብምስጢር ስለ ዝተሓዝ እቶም ሰባት ንሓኪምካ ንስኻ ከም ዝሓበርካዮ ኣይክፈለጡን እዮም።

ስድራኻን ኣሓትካን ኣብ ሽወደን ዝነብሩ እንተኾይኖም መርመራ ወይቦ-ቢ ንኽገብሩ እቲ ሓኪምካ ከረጋግጽ እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ክትፈልጥ ትደሊ’ዶ?**
ወይቦ-ቢ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ’ዞ ዝስዕቡ መካነ-መርበባት ኣለካ።

[www.1177.se](http://www.1177.se)

[www.umo.se](http://www.umo.se)

[www.folkhalsomyndigheten.se](http://www.folkhalsomyndigheten.se)